# ወንጌል ማቴዎስ 8

ወንጌላዊ ማቴዎስ ብሥራቱ ብጥንቃቑን ብመደብን ከምዝጸሓፎ ደጋጊምና ርኢናዮ ነርና (ምዕ 4፡ 23 - 24)። ሕጂ እውን ኣብ ምዕራፍ 8 ዝነበሮ ስእሊ ብሩህ ኢዩ።

ኣብ ምዕራፍ 5 - 7 እቲ መለኮታዊ ጥበብ ክርስቶስ ዚገልጽ ዓቢዩን ቀንድን መደረ ክርስቶስ ኬቕርበልና እንከሎ፡ ኣብ ምዕ. 8 ብዛዕባ ተኣምራታዊ ተግባራቱ ይገልጸልና። ፍቕርን ድንጋጼን ክርስቶስ ብግብሪ ከመይ ከምዝሠርሐ የርእየና። ኣሕጽር ኣቢልና እምበኣር ነዚ ምዕራፍ ንርኣዮ፡

1. 8፡ 1 - 4፡ **ምፍዋስ ለምጻም ሰብኣይ።** ኢየሱስ ኅብረተሰብ ኣወጊኑዎ ንዝነበረ ለምጻም፡ ኪፍውሶ ጥራሕ ዘይኮነስ ክሕሰብ ብዘይከኣል ድፍረት ኪትንክዮ ንርእዮ። ለምጻም ምትንካፍ ዘይኮነስ ናብኣቶም ምቕራብ እውን ከም ሓጢኣት ክልኩል፡ ብሕጊ ዜሕትት ኢዩ ነይሩ፡ ኢየሱስ ግና ኪድንግጸሉን፡ ኃልዮት ኣምላኽ ብፍቕሪ ኪገልጸሉ ንርእዮ። ስለዚ ጥዕና ሥጋ ጥራይ ኣይኮነን ዝመልሰሉ ዘሎ፡ እንታይ ደኣ ምጽንናዕ ይህቦ፡ ክብረቱ ይእመነሉ፡ ናብቲ ዝነጸጎ ኅብረተሰብ መሊሱዎ ማለት ኢዩ።



2. 8፡ 5 - 13፡ **ምፍዋስ ውላድ ሓለቓ ሚእቲ።** ሓለቓ ሚእቲ ሓደ ባዕዳዊ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ግዝኣት ሮማውያን ኣብ ሃገር እስራኤል ዜረጋግጽ ወተሃደር ኢዩ ነይሩ። ኣብ ርእሲኡ ድማ፡ ንሱን ቈልዓኡ ኣረሜን ኢዮም ነይሮም። ኢየሱስ ግና፡ ኪድንግጸሎምን ነቲ ቈልዓ ኬሕውዮን እንከሎ፡ ነቲ ሓለቓ ሚእቲ ጸጋ እምነት የሕድረሉ። "ብሓዚ እብለኩም ኣለኹ፡ ኣብ እስራኤል እውን ክንድዚ እምነት ረኺበ ኣይፈልጥን!" ኢሉ ይምስክረሉ። ስለዚ ንሱ፡ ብሕጊ ኣባል ሕዝቢ ኣምላኽ ዘይነበረ፡ ነቶም ደቂ ገዛ ንኺቕድሞም ብርቱዕ እምነት ኣኅደረሉ።

3. 8፡ 14 - 15 **ምፍዋስ ሓማት ጴጥሮስ።** እዚ ተኣምራት እዚ ኣብ ውሻጠ ገዛ፡ ኣብ ቅድሚ ውሑዳት ቤተሰብ ተፈጸመ። ኢየሱስ ተኣምራቱ ሰብ ኪርእየሉን ኪዛረበሉን ኢሉ ዘይኮነስ፡ ፍቕሪ ኣምላኽ ንነፍስወከፍ ግለሰብ ንኺገልጽ ኢሉ ይገብሮ ከምዝነበረ የረዳኣና።

4. 8፡ 16 - 17 **ብዛዕባ ምፍዋስ ብዙኃት ሕሙማት ኣብ ቅርዓት** ኪዛረብ እንከሎ፡ ኢየሱስ ንኵሎም ሕሙማት እስራኤል ከምዘይፈወሶም ርግጽ ኢዩ፡ በቲ ሓደ



"At sight of him the people fall back. Some try to prevent him from approaching Jesus, but in vain."

ወገን ግና፡ ናብኡ ንዝመጸ ፈውሲ ንዝለመነን ዝለመኖ ከይረኸበ ከቶ ከምዘይተረፈ ኬረድኣና። ኢየሱስ ሰዓት ከይረኣየ፡ ቦታ፡ ቍጽሪ፡ ዓይነት ሕማም ከጸብጸበ፡ ብሕጉስ ኣቀባብላን ብሓልዮትን ገይሩ ኬሕዊ ንርእዮ። ምፍዋስ ምልክት ናይቲ ንሱ ብሓማማቱን ሞቱን ትንሣኤኡን ዝረኸበልና ድኅነት ስለዝኾነ፡ ድኅነት ንኹሉ ወዲ ኣዳም፡ ዓሌት፡ ወገን፡ ቦታ፡ ጊዜ ከይፈለየ ኬምጽእ ከምዝመጸ የረድኣና።

5. 8፡ 18 - 22 **ተወፋዩነት ሓደ ጸሓፊ።** እዚ ጥቕሲ ኣብ ዘይቦታኡ ዝኣተወ ምመሰለ ነይሩ፡ እንተኾነ፡ ኣብዚ ሓደ ካብቲ ዝዓመቔ ናይ ኢየሱስ መንፈሳዊ ተኣምራት ንርኢ። ሓደ ጸሓፊ፡ ምሁር ሕጊ ንኢየሱስ ኪስዕብ ዜገርም ኢዩ። ምኽንያቱ ኢየሱስ ብዓይኒ ሕጊ ኪርአ እንከሎ፡ ፋሉል፡ ምስ ሓጢኣተይናታት ዚበልዕ (ብሕጊ የርክስ ኢዩ ይበሃል ነይሩ)፡ ምስ ዘይምሁራት ዚውዕል ስለዚ ጊዜኡ ዜጥፍእ ይግመት ነበረ። እዚ ጸሓፊ ግን ካብ ኢየሱስ ዚወጽእ ዝነበረ ኃይልን፡ ዜንጸባርቕ ዝነበረ ብርሃንን ኬሸንፎ ኣፍቂዱ፡ ኢየሱስ ፍጻሜ ሕጊ ደኣ'ምበር ኣፍራስ ሕጊ ከምዘይነበረ ተኣመነሉ።

6. 8፡ 23 - 27 **ህቦብላ ኣብ ባሕሪ ከምዘህደአ።** ኢየሱስ ንኃይሊ ተፈጥሮ



እውን ኪቋጻጸር፡ ንንፋስ ኪህድእ፡ ንማዕበል ኬጽቕጥ ንርእዮ። እታ ሓዳስ ትካል ክርስትና ብሰንኪ ስደት መንግሥቲ ሮማ ይኹን ኣይሁድን ከም ጃልባ ኣብ ማዕበል ክትናወጽ እንከላ፡ ኢየሱስ ኣብታ መርከብ ስለዘሎ እታ መርከብ ከይዓብጣ፡ ዝድቅስ ዘሎ እኳ እንተመሰለ፡ ኢየሱስ ይኃሌላ ከምዘሎን እዛ ትካል ክርስቶስ ድማ ብጊዚያዊ ፈተና ከምዘይትሽነፍ ይገልጸልና። ንኢየሱስ ምስዓብ ቀሊል ኣይኮነን፡ ንኢየሱስ ምስዓብ ንዓኡ ምምሳል ማለት ኢዩ፡ ስለዚ ንብረት ቤተሰብ ምቕባጽ።

7. 8፡ 28 - 34 **ሸይጣን ዝሓደሮም ክልተ ሰባት ከምዝሓወዩ።** ኢየሱስ ንሥጋዊ ሕማምን ንመንፈሳዊ ጥርጥርን ጭንቀትን፡ ንባህርያዊ ኃይሊ ተፈጥሮን ንሸይጣናዊ ፍሕሶ ኵሉ ከምዚቈጻጸሮ ኣብነት ንርኢ። ኢየሱስ ክልተ ሰብ (ክልተ ነፍሳት) ኬድኅን ኣሻሓት ሓሳሙ ኪጠፍኣ የፍቅድ። ሰብ ክንደይ ክቡር ምዃኑን፡ ድኅነት ነፍሱ ድማ ክንደይ ከምዜገድሶን የረድኣና።

እንተኾነ ኣብ መጨረስታ ሓደ ዜተሓሳስብ ነጥቢ ኣምጺኡ ይዓጹ። ሰብ ገንሳሬጥ ናብ ኢየሱስ ምስ መጹ፡ እቶም ክልተ መንፈስ ርኹስ ዝወጸሎም፡ ክዳኖም ተኸዲኖም፡ ኣብ እግሪ ኢየሱስ ኮፍ ኢሎም ምስ ረኣዩዎም፡ ዓዶም ኪሓድገሎም ለመኑዎ። ኢየሱስ ድማ ማዕጾ ኣፍሪሱ ስለዘይኣትዩ፡ ዓዶም ሓዲጉሎም ኸደ . . .